Tigrinya

# ፐዝላት

**(Puzzles)**

## ናይ ምዝርራብ ንጥፈታት ምስ መጻወቲታት

**(Talking activities with toys)**

### ንስኹምን ውሉድኩምን እንታይ ትገብሩ ኸም ዘለኹም ተዘራረቡ

**(Talk about what you and your child are doing)**

ከም ወላዲ ወይ ከም ኣለይቲ መጠን፣ ውሉድኩም ቛንቋ ኣብ ምምሃር ኣገዳሲ ግደ ኣለኩም። መጻወቲታት ሒዝኩም ኣብ እትጻወተሉ ግዜ ናብ ናይ ምምልላስ ርክብ ቀይርዎ እሞ ንውሉድኩም ድማ ቋንቋኡ ንኸሃንጽ ሓግዝዎ። ብሓባር ክትጻወቱ ኸለኹም፣ ብዛዕባ እቲ ንስኻትኩምን ውሉድኩምን እትገብርዎ ዘለኹም ተዘራረቡ። ነዞም ንጥፈታት እዚኦም ብቛንቋኹም ፈትኑዎም።

### ምስ ብእግሩ ክኸድ ዝጀመረ ቖልዓ

**(With your toddler)**

- ውላድኩም ንኹሉ ክፍልታት እቲ ፐዝል ይድፍእዎ። “ኩሉ ይውጻዕ” ወይ “እቶም ክፍልታት ወጺኦም ኣለዉ” በሉ። ነቶም ክፍልታት ከቕምጡን ነቲ ስእልታት ክሰምይዎን ሓግዝዎም። ከም፣ “እቲ ፈረስ ኣትዩ ኣሎ።” ወይ ድማ “ነታ መኪና ኣእትዋ።” ብዛዕባኡ ንምዝራብ ካልእ ቃላት ተጠቐሙ። “ቅልጡፍ ነፋሪት” ወይ “እታ ነፋሪት ልዕል ኢላ ኣላ” በሉ።
- ንውላድኩም ኣብ መንጎ ክልተ ክፍልታት ምርጫ ሃብዎም። “ነቲ ፈረስ ድዩ ወይስ ነቲ ላሕሚ ትደሊዩ? ” ኢልኩም ህተቱ ነቶም ክፍልታት ኣርእዮዎም እሞ ክሳብ ዘመልክቱ፣ ዝርኣይዎ፣ ወይ ድማ ቃል ክዛረቡ ክሳብ ዝፍትኑ ተጸበዩዎም። ከመይ ኢሎም ምላሽ ይሃቡ ብዘየገድስ፣ ነቲ ቖልዓ ነቲ ናይ ፐዝል ክፍልታት ሃብዎ እሞ ስይምዎ።

### ምስ ኣብ ኣጸደ ህጻናት ዘሎ ቖልዓ

**(With your preschooler)**

- ነቲ ፐዝል ብሓባር ግበርዎ። በብተራ ክፍልታት ኣእትዉ። “ነታ ቴዲ ድቢ/ተዲ ቤር ከእትዋ'የ። እንታይ ኢኻ ትኣቱ ዘለኻ?” በሉ
- ክብድ ዝበላ ፐዝላት ክትፍትኑ ከለኹም፣ ንውላድኩም ከመይ ጌሮም ነቲ ክፍሊ ፐዝል ትኽክለኛ ቦታ ከም ዝረኸቡሉ ኣርእይዎም። ብዛዕባ ዝሰማማዕ ሕብርታት፣ ቅርጽታት፣ ግዝፍታትን ኣብቲ ክፋል ዘሎ ስእልን ተዘራረቡ። እቲ ፐዝል ኩሉ ምስ ተኣከበ፣ ብዛዕባ እቲ ኣብቲ ስእሊ ትርእይዎ ተዘራረቡ። እቲ ፐዝል ገጸ ባህርያት እንተሃልዮምዎ፣ ብዛዕባ እንታይ ይሓስቡን ይስምዖምን ክኸውን ከም ዝኽእል ተዘራረቡ።

እዞም ሓሳባት ምስ ከም መደርደሪታት ቅርጺ ዝኣመሰሉ ካልኦት መጻወቲታት እውን ክጠቕሙ ይኽእሉ እዮም።

### ኣበይ ሓገዝ ትረኽቡ

**(Where to get help)**

ናይ ዘረባን ቋንቋን ፓቶሎጂስት ክሕግዙ ይኽእሉ።
ዝያዳ ኣብ ahs.ca/pedrehab ፍለጡ።



ንዝያዳ ሓበሬታ ነዚ QR ኮድ ስካን ግበሩ ወይ ድማ ኣብዚ ዝስዕብ መርበብ ሓበሬታ ተወከሱ፣ [myhealth.alberta.ca/Topic/Pediatric-Rehabilitation/Pages/Talk-Box-Tigrinya.aspx](myhealth.alberta.ca/Topic/Pediatric-Rehabilitation/Pages/Talk-Box-Tigrinya.aspx)

እዚ ጽሑፍ እዚ ንምኽሪ ብቑዕ በዓል ሞያ ጥዕና መተካእታ ኣይኮነን። እዚ ጽሑፍ ንሓፈሻዊ ሓበሬታ ጥራይ ዝዓለመ ኮይኑ "ከምዘለዎ"፡ "ከምዝኾኖ" ብዝብል መሰረት እዩ ዝቐርብ። ዋላ እኳ ትኽክለኛነት ናይቲ ሓበሬታ ንምርግጋጽ ርትዓዊ ጻዕርታት እንተተገብረ፡ Alberta Health Services ንልክዕነት፡ ተኣማንነት፡ ምሉእነት፡ ተግባራዊነት ወይ ንፍሉይ ዕላማ ናይ ከምዚ ዝኣመሰለ ሓበሬታ ብቕዓት ዝምልከት ዝኾነ ውክልና ወይ ውሕስነት፡ ግሉጽ፡ ብተዘዋዋሪ ወይ ሕጋዊ ኣይገብርን። Alberta Health Services ንኣጠቓቕማ እዞም ንዋት፡ ከምኡ'ውን ካብ ከምዚ ዓይነት ኣጠቓቕማ ንዝፍጠር ዝኾነ ይኹን ክሲ፡ ተግባራት፡ ጠለባት ወይ ክስታት ኩሉ ተሓታትነቱ ብግልጺ የልዕል።

እዋናዊ ካብ ዕለት፡- ፈብሩሪ 27፣ 2025
(Current as of: February 27, 2025)

Alberta Health Services